ጀነቫ - 23 ሰነ 2024

መግለጺ 20 ሰነ 2024- ስዊዘርላንድ

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ኤርትራውያን ተሳተፍቲ ዝኽሪ 20 ሰነ ከተማ ጀነቫ - ስዊዘርላንድ

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት በዓል ናጽነትና ``ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!`` ኣብ ትሕቲ ዝብል መድረኻዊ ትርጉም ዝሓዘለ ቴማ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ብድምቀት ጸምቢሉ ኢዩ። እንሆ ድማ ሎሚ ዕለቱ ኣኺሉ ነቶም ሃገራዊ ናጽነት ንምርግጋጽን ልኡላውነት ንምውሓስን ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ ሰማእቲ ብልዑል ሓበን ኣብ ምዝካሮም ንርከብ። ሰማእታትና ንስለና፡ ስለ ሰብኣውን ሃገራውን ክብረትና ክብሎ ዘርኣይዎ ጅግንነትን ቅድድም ንመሰዋእትን ቀጻሊ ወለዶታት ኤርትራ ዝሕበንሉ ዝለዓለ ክብሪ ኢዩ።

መዓልቲ ሰማእታት ሎሚ ዘበን፣ ኣብ ፍሉይን ዕዙዝን ታሪኻዊ መድረኽ ኢያ ትዝከር ዘላ።

ህዝቢ ኤርትራ መወዳድርቲ ዘይብሉ ረዚን ዋጋ ከፊሉ ዝጨበጦ ናጽነት ከም ዘይነበረ ንምግባሩ ሓደ ድሕሪ ሓደ ተሃንዲዱ ንዝመጸ ጸላእን ሸርሒታቱን ምልእ ብምሉእ ዘፍ ከም ዝበል ጌሩዎ ኣሎ። ጸላእትን ተጻባእትን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፣-

- መጋበርያ ዝኾኑ ሓይልታት ብምልኣኽን ብምዕጣቕን ቅሉዕ ወራራት ኣካይዶም፣
- ብቁጠባ ጎረሮኡ ሓኒቕካ ንምስዓሩ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳታት ኣሰጊዶም፣
- ዘይቅዱስ ኪዳናት እናፈጠሩ ብዲፕሎማሲ ንምንጻሉ ፈቲኖም፣
- ኣብ ውሽጢ ሃገር ርቡጽ ኩነታት ከም ዝፍጠርን፡ ናብ ወጻኢ ናይ ምኻድ ህርፋን ከምዝዓብን ጌርካ ዓቕሚ ሰቡ ብፍላይ መንእሰያት ከም ዝሰደዱ ብምግባር ናይ መኸተ ሓይሉ ከም ዝዳኸም ንምግባሩ ሰሪሖም፣
- ብዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ኣውራጃ፡ ወዘተ ብምክፍፋል ኤርትራዊ ሃገራውነቱ ንምድኻም ይከኣሎም ጌሮም፣
- ታሪኹን ሃገራዊ ቃልሱን ብምንእኣሰን ብምንሻውን፡ ሃገራዊ ስምዒቱን ሓድነቱን ንምድኻም ሰሪሖም፡

ግን ኣይሰለጦምን።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ`ዚ ዝሓለፈ ከቢድ እዋን ተፈቲኑ ግን ድማ ከም ወርቂ ብሓዊ ተኾሊዑ፣ ተሪሩን ሓይሉ ተደሪዑን ወጺኡ ኣሎ። ሕድሪ ሰማእታቱ ዓቒቡን ወሪሱን፣ እሙን ተረካቢ ሕድሪ ምዃኑ ብግብሪ ኣመስኪሩ፣ ኣብ ተሃዋሲ ዞባ `ደሴት ሰላም` ፈጢሩ፣ ንልምዓትን ህንጻትን ሃገሩ ዘቀላጥፍ ምቹእ ኩነታት ከረጋግጽ ክኢሉ ኣሎ።

በዚ ኣጋጣሚ ከመሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ፡ ሎሚ መዓልቲ ነቲ ሕላገት ቃልስና፡ ወሰዋእትነትናን ዓወትናን ዝኾነ ማእከልነት ጥሒሶም፣ ፋሉልነት መሪጾም ኣንቀራ ብምውጻእ ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት ንምክያድ ኣብ ምሽብሻብ ዝርከቡ ውልቀ-ሰባት ከም ዘለዉ ሰሚዕና ኣሎና። እዚ ኣካይዳ`ዚ ቅድሚ ሕጂ ተደጋጊሙ ከም ዝተገልጸ ንዝርገት ሓድነትናን ዕንወት ውዳበታትናን ዘንቀደ ኣዕናዊ ተግባር ምዃኑ እናነጸርና፣ እዚ መደብ`ዚ እንተተገይሩ ግን ቀይሕ መስመር ከም ዝተጣሕሰ ዝቑጸር ብምዃኑ ገቢድ ሳዕቤት ከም ዝህልዎ ኣቓዲምና ንሕብር።

ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ዝዓበየን መወዳድርቲ ዘይብሉን ሓደ ወድሰብ ክልግሶ ዝኽእል ነገር ሂወቱ`ያ፣ ሰማእታትና ህይወቶም በጅዮም ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ኣረኪቦሙና ሓሊፎም ኢዮም። ንሕና እዞም ብህይወት ዘሎና ድማ፡ ንስድራ ሰዉኣት ብዓይነትን ገንዘብን ክንሕግዝ ግዴታና ምዃኑ ምንጋር`ውን ዘድልዮ ኣይኮነን። በዚ መሰረት፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ስዊዘርላንድ፡ ውዳበታትና ብምስፋሕን ውህደትና ብምሕያልን፡ ሒዝናዮ ዝጸናሕና ጾር ስድራ ሰማእቲ ናይ ምሽካምን ልምዓታዊ መደባት ሃገር ንቕድሚት ናይ ምስጓሙን ሓላፍነት፣ ብኣጋጣሚ ናይ`ዚ ረዚንን ዕዙዝን ዕለት መብጽዓና ብምሕዳስ ብዝሓየለ ናህሪ ክንሰርሓሉ እናዘኻኸርኩ፣ ነዚ ዝወደብኩም ብጾት ኣመስግን።

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!!